ኣብ ሰሜን ኢጣልያ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዜጋታት፣ ሚላኖን ከባቢኣን፣ ቶሪኖ፣ በርጋሞ፣ ብረሻ፣ጀኖባ፣ ቬሮናን ኣስታት 1400 ዜጋታት ዝተሳተፍዎ፣ ብዕለት 31/01/2010 ኣብ ከተማ ሚላኖ ሰፊሕ ሰሚናር ተኻይዱ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ዘመደ ተኽለ ንህሉው ኩነታት ሃገርን መደባት ጥሙር መኸተን ሰፊሕ ሰሚናር ኣካይዱ።

ብስም ባይቶ ጸጥታ ተጎልቢቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተሰገደደ ዘይፍትሓውን ዓማጽን ብይን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣመልኪቱ ኣቶ ዘመደ ተኽለ ኣብ ዝሃቦ ሰፊሕ መብርሂ፣ እዚ ድሕሪ ናይ 12 ዓመት ተጻብኦታትን ዉዲታትን ዝመጽእ ዘሎ እገዳ፣ መቐጸልታ ናይቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፉ 60 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ኤርትራ ከተካይዶ ዝጸንሔ ተጻብኦታት በደል ኮይኑ፣ እዚ ዘይሕጋውን ዘሕፍርን ብይን ድማ መርኣያ ዉድቀት ሕቡራት ሃገራት ዝነጸረ ተርእዮ ምዃኑ፣ መኸተ ሕዝቢ ኤርትራ ንምድልዳልን ሃገራዊ ዓቕሙ ክሕይልን፣ ምብራኽ ንቕሓት ወሳኒ ምዃኑ፣ ቅኑዕን ንቑሕን ኣተሓሳስባን ተሳትፎን ከምኡዉን ሓያል ዉዳቤ ንኹሉ ተጻብኦታት ክብደህ ዝኽእል ምስጢር ሓይሊ ከምዝኾነ ድማ ኣስሚሩሉ።

ንሉዑላውነትና ዕላማ ብምግባር ዝተኻየደ ሰፉሕቲ ወራራት ድሕሪኡ ዝሰዓበ ኩሉ መዳያዊ ሸርሕታትን ስነኣእሙራዊ ኩናትን፣ ብሓያል ጽንዓት መኸተን ስጡም ሃገራዊ ሓድነትን ከምዝበርዓነ ከም ዉጽኢቱ ድልዱልን ዘተኣማምንን ባይታ ተነጺፉ ምህላዉ ኣረጋጊጹ።

ኣቶ ዘመደ ተኽለ ኣብ መወዳእታ ብተሳተፍቲ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ኣዕጋቢ ምላሽ ድሕሪ ምሃቡ፣ እዚ ዘይፍታሕውን ዓማጽን ብይን እገዳ ንመኸተ ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን መሊሱ ዝድርዕ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ኣብ ጉዕዞ ልምዓት ኤርትራ ዘምጽኦ መሰረታዊ ለውጢ ከምዘየለ ብኹሉ መዳያዊ መኸተና ጽንዓትናን ተወፋይነትናን ሓድነትናን፣ እዚ ተጻብኦ እዚ እዉን ከምዝሓለፉ ዉዲታት ከምዝስዓር ምንም ዘጠራጥር የሎን ኢሉ።

ተስተፍቲ ብወገኖም ዉዲትን ተጸብኦታን ንመኸተናን ሓድነትናን መሊሱ ዝድርዕን ሓይሊ ከምዝዉሰኽን ብምምልካት ነት ዘይፍትሓዊ እገዳ ንምፍሻል ብምሉእ ሓይሎምን ዓቕሞምን ሎሚ እዉን ከምትማሊ ኣብ ጎኒ መንግስቶም ተሰሊፎም ከምዝቃለሱ ናይ መኸተ ቃሎም ኣሓዲሶም።

ኣብዚ ሰሚናር እዚ ማሕበር ኮም ሚላኖን ከባቢኣን ብስም ኩለን ሃገራውያን ማሕበራት ኣመልኪቱ ነቲ ኣብ ሓሶትን ፈጠራን ዝተሞርኮሰ ዘሕፍር እገዳ ኣትሪሮም ብምኹናን፣ ኣብ ጎኒ መንግስትን ግንባርን ተሰሊፎም መኸትኦም ከሕይሉ ምዃኖም ብምርግጋጽ ናይ ኩናኔ ዉሳኔታት ኣሕሊፎም።

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ
ሽማግለ ማሕበረ-ኮም ሚላኖን ከባቢኣን

This document was created using Smart PDF Creator
To remove this message purchase the product at www.SmartPDFCreator.com